# ራእይ ዮሃንስ

## ራብዓይ ትምህርቲ - ሀ

## መእተዊ ናብ ራእይ ዮሃንስ

**ራእይ 1፡1-8**

1 እቲ ቐልጢፉ ኪኸውን ዘልዎ፡ ንባሮቱ ምእንቲ
ኼርእዮም ኢሉ፡ ኣምላኽ ዝሃቦ ናይ የሱስ
ክርስቶስ ራእይ፡ ብኢድ መልኣኹ ልኢኹውን
ንባርያኡ ዮሃንስ ኣርኣዮ። 2 ንሱ ንቓል ኣምላኽን
ንምስክር የሱስ ክርስቶስን፡ ነቲ ዝረኣዮ ዘበለ
ኹሉ መስኪሩ ኣሎ። 3 እቲ ዘመን ቀረባ እዩ እሞ፡
እቲ ነዚ ቓል እዚ ትንቢት እዚ ዜንብብን እቶም
ዚሰምዕዎን፡ ነቲ ኣብኡ ተጽሒፉ ዘሎውን
ዚሕልዉዎን ብጹኣን እዮም።
4-5 ዮሃንስ ነተን ኣብ እስያ ዘለዋ ሾብዓተ
ማሕበራት፡ ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዚመጽእን፡
ካብቶም ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ዘለዉ ሾብዓተ
መናፍስትን ካብቲ እሙን ምስክርን በዅሪ
ምዉታትን ርእሲ ነገስታት ምድርን ዝኾነ የሱስ
ክርስቶስ ከኣ ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን።
ንእኡ፡ ነቲ ዜፍቅረና ዘሎ፡ ካብ ሓጢኣትናውን
ብደሙ ዝሓጸበና፡ 6 -ንእግዚኣብሄር ኣቦኡ
መንግስትን ካህናትን ክንኮኖ ዝገበረና፡ ክብርን
ስልጣንን ንዘለኣለመ ኣለም ንእኡ ይኹን።
ኣሜን።
7 እንሆ፡ ብደበና ይመጽእ ኣሎ፡ ኩለን
ኣዒንትን እቶም ዝወግእዎን ከኣ ኪርእይዎ እዮም፡
ብዘለዉ ዓሌታት ምድሪውን ኪበኽዩሉ እዮም።
እወ፡ ኣሜን።
8 ሞኣልፋን ኦመኢጋን ኣነ እየ፡ ይብል እቲ ዘሎን
ዝነበረን ዝመጽእን ኩሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ።

ኣብ ቐዳማይን ሳልሳይን ትምህርትታና ብዛዕባ ሓፈሻዊ መእተዊ ናብ ራእይ ዮሃንስ ተዛቲና። ብድሕርዚ ነቲ መጽሓፍ በብኽፍሉ ምምሃር ንጀምር።

ኣብ ራብዓይ ትምህርትና እንምልከቶ ክፍሊ ራእይ ዮሃንስ ካብ 1፡1 - 8 ዘሎ ይኸውን። እዚ ናብ ትንታኔታት ናይ ራእይ ዮሃንስ ክንኣቱ ባይታ ንምጥጣሕ ዝድግፈና ክፍሊ እዩ። ኣብኡ፡ ነዞም ዝስዕቡ ትሽዓተ ነጥብታት ከነስተብህል ንኽእል። ነዚ ድማ ክፍሊ ሀ፡ ክፍሊ ለ ኢልና ብክልተ ደርጃታት ክንዓምሞ ኢና።

1. ጕዳይ ናይ ራእይ ዮሃንስ እንታይ እዩ? (1፡1-2)
2. ራእይ ዮሃንስ ንመን እዩ ተጻሒፉ? (1፡1 3-4)
3. ጸሓፊ ናይ ራእይ ዮሃንስ መን እዩ? (1፡1-2ን 9ን፡ 22፡18-ሀ)
4. በረኸት ራእይ ዮሃንስ ንዘቕልብሉ፡ (1፡3)
5. ንዮሃንስ ዘርኣዮ መልኣኽ፡ (1፡1-መ)
6. ትሕዝቶ ሰላምታን ካብ መን ምዃኑን (1፡5)
7. ምውፋይ እቲ መልእኽቲ፡ (1፡5-6)
8. ጭርሖ ራእይ ዮሃንስ፡ (1፡7)
9. ማሕተም በረኸት እቲ መልእኽቲ፡ (1፡8)

## 1. ጕዳይ ራእይ ዮሃንስ (1፡1-2)

ራእይ ዮሃንስ ብዛዕባ መን ወይስ ብዛዕባ እንታይ ምዃኑን ንመን ከም እተጻሕፈን ካብ መጀመርታ ኣፋፍኖት ክንረክብ ዮሃንስ ብዓንተቦ እዩ ሓበሬታ ዝህበና። ይብለና፡

ብዛዕባ ናይ የሱስ ክርስቶስ ራእይ እዩ። (1፡1-ሐ)

"ካብ ጕይይ ምውዓልሲ ክሳድ ምሓዝ፡" ከም ዝብሃል፡ ራእይ ዮሃንስ ንክንርድኦ፡ እቲ ዋና ጕዳዩ፡ ማለት፡ እቲ ጭብጡ፡ እንታይ ምዃኑ ብዘየዳግም ነጥቢ ርዱኣት ክንከውን ናይ ግድን እዩ።

ብዛዕባ መጻኢ እንታይ ከም ዝኸውን፡ ማለት ብዛዕባ ትንቢት፡ ኣብዚሑ ከም ዝዛረብ ራእይ ዮሃንስ ግሁድ እኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ቀዳማይ ጕዳይ ናይ ራእይ ዮሃንስ ታሪኻዊ ፍጻመታት ብትንቢት ምንጋር ኣይኮነን። እቲ ቀዳማይ ጕዳይ ናይ ራእይ ዮሃንስ፡ "ናይ የሱስ ክርስቶስ ራእይ" ምዃኑ እዩ።

ነዚ መጽሓፍ እዚ እተረድኡ ሰባት ክንከውን ብዛዕባ እቲ ጭብጢ እቲ መጽሓፍ ዘተኰረሉ ዘሎ ጕዳይ፡ ማለት - ይውሓስ ዝበለሉ ዘሎ ክንፈልጦ ናይ ግድን እዩ።

ጕዳይ ናይ ራእይ ዮሃንስ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ንዳግማይ ምጽኣቱ ብዚምልከት እዩ። ካልኦት ጽሑፋት ናይ ሓዲስ ኪዳን ደጋጊሞም ብሓጺር ብዛዕባ ምጽኣቱ የተምብህዎ እዮም። ራእይ ዮሃንስ ድማ ብፍላይ ነቲ ኣርእስቲ እቲ እተወፈየ መልእኽቲ እዩ። ኣብ 1ይ ቈረ 1፡7 "ምግሃድ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እናተጸበኹም ..." ይብል ጳውሎስ። ተሰሎንቄ 1፡6-10 1ይ ጴጥ 1፡7 ድማ ንመልከት። ስለዚ ጕዳይ ራእይ ዮሃንስ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ንዳግማይ ምጽኣቱ ብዚምልከት ተተምቢሁ ዝነበረ ሕጂ ግና ብዝሰፍሐ ተቓሊዑ እተገልጸሉ እዩ።

### 1.2. ብዛዕባ ኣምላኽ ዝሃቦ ራእይ እዩ (1፡1-ሐ)

*መን እዩ እቲ ወሃቢ? ንመን እዩ ዝውሃብ ዘሎ? እንታይ እዩ እቲ ዝውሃብ ዘሎ? እዚ ምውሃብ እዚ እንታይ ማለት እዩ? ኣብቲ "ኣምላኽ ዝሃቦ ናይ የሱስ ክርስቶስ ራእይ" ዚብል ሓረግ ናይ 1፡1-ሐ መልሲ ናይ እዚ ሕቶታት እዚ ተኣሚቱ ኣሎ።*

እቲ ወሃቢ እግዚኣብሄር ኣቦ እዩ። እቲ ተቐባሊ ድማ የሱስ ክርስቶስ እዩ። ዮሃንስሲ መተሓላለፊ ድኣ እዩ። እቲ ዚውሃብ ዘሎ ድማ እቲ ኣተኵሮኡ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ዝኾነ ራእይ እዩ። ተዋሂቡ ዘስምዖ ድማ እግዚኣብሄር ኣቦ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ክሰልጥ፡ ዕላማኡ ክወቅዕ ዘማዕቈቦ ጒዳይ እዩ። እዚ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብእተፈላለዩ ኣብሃህላ ተዳጋጊሙ ንረኽቦ። ንኣብነት በቲ ጊዜ ጥምቀት ናይ የሱስ ክርስቶስ ድምጺ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ፡ "ንስኻ ብኣኻ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ ኢኻ" ዚብል መጸ። ናብ ኣዘራርባ ባህልና እንተ ተርጒምናዮ "እትኣምኖ ልኢኽካስ እንታይ ይጐድለዚ ኣይትበል፧" ዓይነት እዩ።

እምብኣር ኣብታ "ኣምላኽ ዝሃቦ ናይ የሱስ ክርስቶስ ራእይ" ዚብል ሓረግ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ድኣ እምበር ብዛዕባ ዮሃንስ ኣይኰነን ዚዛረብ ዘሎ።

ኣብዚ ተሓቢሩልና ዘሎ ብዛዕባ እቲ ኣገባብ ኣምላኽ ብዛዕባ ምድሓንና ካብ ሓጢኣትን ካብ ምልኪ ሰይጣንን፡ ብዛዕባ ምትካል መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምድርን እዩ። ብዛዕባ እዚ ብሉይ ኪዳን ብትንቢት እናሓበረ ምብሳር ጀሚርዎ። ሓዲስ ኪዳን ድማ ብትስብእቲ የሱስ ክርስቶስ ከመይ ኢሉ ኪፍጸም መስርዕ ከም ዝፈለመ የዘንቱ። ራእይ ዮሃንስ ድማ ከመይ ኢሉ ናይ ዛዛሚ ሸቶኡ ከም ዚሃርም የርእየና። ነዚ እዩ "ኣምላኽ ዝሃቦ ናይ የሱስ ክርስቶስ ራእይ" ዚብል መጸዋዕታ ሂቡዎ ዘሎ።[i]

### 1.3. ብዛዕባ ዮሃንስ ምስክር ዝኾነሉ ጒዳይ እዩ (1፡2)

*ግደ ዮሃንስ ነቲ እተኸስተሉ ጒዳይ ምስክር ምዃንን ምትሕልላፉን እዩ ነይሩ። ነዚ ኸኣ ከምዚ ገይሩ ኣብ ራእይ 1፡2 ይገልጾ።*

> "ንሱ መስኪሩ ኣሎ። ንሱ ንቓል ኣምላኽ መስኪሩ ኣሎ። ንሱ ንምስክር የሱስ ክርስቶስ መስኪሩ ኣሎ። ንሱ ነቲ ዝረኣዮ ዘበለ ኵሉ መስኪሩ ኣሎ።"

እታ መስኪሩ ኣሎ እትብል ቃል፡ ኣብቲ ቋንቋ ግሪኽ ሓያል ቃል እያ። ብቛንቋ ግሪኽ 'ማርቱሪያን" ትብል። ብትግርኛ ከም ክሳድ ይውሓስ ኢሉ፡ ናይ ቃል ምስክር ጥራይ ዘይኰነስ፡ ሞት እውን እንተ ኣኸተለሉ እኳ ብህይወቱ መስኪሩ ማለት እዩ። ስለዚ ሃዋርያ ዮሃንስ ህይወቱ ከሕልፈሉ እተዳለወሉ መልእኽቲ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ እዩ ዘተሓላልፈልና ዘሎ። መስዋእቲ እተኸፍሎ እዩ እሞ፡ ኣፍኵስካ ክውሰድ ዘይብሉ እዩ።

ምስክር ዮሃንስ ሰለስተ ዕማማት ዘጠቓለለ ምንባሩ ንመልከቶ። ቀዳማይ ንሱ ንቓል ኣምላኽ መስኪሩ ኣሎ። ኲሎም ነብያት ናይ ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ እቲ ዘበርከትዎ መልእኽቲ ክዛረቡ ከለዉ ቃል ኣምላኽ ከም ዝነገሩ ይምስክሩ ነይሮም። (ንኣብነት ኣብ ሆሴእ 1፡1 ዮኤል 1፡1 ህዝ 1፡2-3 ንመልከት) ስለዚ ዮሃንስ ድማ ሓደ ካብቶም ነብያት ምንባሩ ንርዳእ። (ራእ 22፡9)

እቲ ናይ መፈጸምታ ቃል ኣምላኽ ድማ እቲ ብትስብእቲ እተገልጸ፡ ቃል ኣምላኽ ድማ እተሰምየ የሱስ ክርስቶስ እዩ። (ዮሃ 1፡1ን 14ን ራእይ 19፡13 ማለት እቲ ምኽሳት ኣምላኽ በብደረጃኡ እናገስገሰ፡ በቲ ዝለዓለ ምግላጽ ኣምላኽ ተዛዚሙ። ብነብያት ጀሚሩ፡ ብየሱስ ክርስቶስ እዩ ተዛዚሙ። መንነቱ፡ ኣገልግሎቱ፡ ትምህርቱ፡ ሞቱ ኣብ መስቀል፡ ትንሳኤኡ፡ ዕርገቱ ተደማሚሩ እቲ ዝለዓለ ምግላጽ ናይ ኣምላኽ እዩ ዚህበና። ነዚ እዩ ዮሃንስ "ምስክር ናይ የሱስ ክርስቶስ" ኢሉ ዝሰምዮ ዘሎ ካልኣይ ምስክር። ብዛዕባ እዚ ዮሃንስ ምስክር ምዃኑ፡ ክሳድ እውሓስ በሃሊ ምዃኑ የረጋግጸልና። ምስክር ነብያት፡ ምስክር የሱስ ክርስቶስ እዩ።

ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ መስኪሩ፡ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ንባዕሉ ድማ መስኪሩ። ሳልሳይ፡ ብዛዕባ ዝመሃዞ ርእይቶኡ ዘይኰነስ ብዛዕባ እቲ "ዝረኣዮ ዘበለ ኹሉ መስኪሩ ኣሎ።" ተባህለ ብሃሊ ጥራይ ኣይነበረን። ናይ ዓይንን እዝንን ምስክር ምንባሩ፡ "ነቲ ዝረኣዮ ዘበለ ኵሉ መስኪሩ ኣሎ" ብምባል የረጋግጸልና። እምብኣርከስ ሚዛን ናይቲ ተበርኪቱልና ዘሎ መጻሓፍ ራእይ ዕምቈቱ ነቕርዮ።

### 1.4. ብዛዕባ ትንቢታዊ ጒዳይ እዩ (1፡1-ሀ)

*ራእይ ዮሃንስ ናይ ትንቢት መጽሓፍ ምዃኑ ብዓንተቦ ኽንግንዘቦ፡ ብዛዕባ "እቲ ቐልጢፉ ኪኸውን ዘለዎ" ጒዳያት ምዃኑ ትሕዝቶኡ ኣብ 1፡1 ተሓቢሩልና ኣሎ። ከም መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ትንቢት መጽሓፍ ዝኾነ፡ ሓደ ካልእ ከቶ እኳ ከም ዘየሎ፡ ተወዳዳሪ ከም ዘይብሉ ሊቃውንቲ ዝምስክርዎ እዩ። ትንቢት*

ብግቡእ ንዝጥቀመሉ ኣማኒ በረኸት ኣለዎ። “እቲ ነዚ ቓል ትንቢት እዚ ዜንብብን፡ እቶም ዚሰምዕዎን፡ ነቲ ኣብኡ ተጽሒፉ ዘሎውን ዚሕልውዎ ብጹኣን እዮም” ይብል ኣብ ራእይ 1፡3።

ግናኸ፡ ክልተ ዘጕሂ ነገር ኣሎ። እቲ ሓደ፡ ህዝቢ ክርስትያን ብዛዕባ ኣብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ናይ ትንቢት ትምህርትታት ኣዝዩ ደንቈሮ ምዃኑ፣ ካልኣይ እሞ ካብኡ ዝገደደ ድማ ትምህርቲ ትንቢት ከይምዕብል፡ ከም ሃሳዪ ጕዳይ ዝርእይዎ ሓደሓደ ሰባት ምህላዎም እዩ።

እምብኣርከስ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዕማም ኣብ ምርምር ትንቢት ክንኣቱ ምዃንና ንጸበዮ። ትንቢት ውህበት ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ንትንቢት፡ በቲ ሓደ ወገን ናብ ሃጠውቀጠው ከይንልውጦ፡ በቲ ኻልእ ድማ ብዛዕባኡ ፈትዮም ዝደንቈሩ ከይንኸውን ንጠንቀቕ። በረኸት ኣለዎ እናበለናስ ሽለል ኣይንበሎ።

## 2. ራእይ ዮሃንስ ንመን ተጻሕፈ? 1፡1ን 3ን 4ን)

ኣብቲ 2ይ ትምህርቲ፡ ኣብ ክፍሊ ቊ 2 ናይዚ ጀሚርናዮ ዘሎና ዕማም ራእይ ዮሃንስ ንመን ከም እተጻሕፈ ድሮ ተጠቒሱ ኣሎ። ብትእምርቲ ናይተን ሸቡዓተ ማሕበራት፡ ንኹለን ማሕበራት ናይ ኩሉ ዘበናትን ንነፍስወከፍ ሰብን ከም እተጻሕፈ ነጺሩ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ስለዚ፡ ከም ኣብያተ ክርስትያናትን ከም ኣመንትን፡ ንኣናን ንኣይን እዩ ኢልና ክንሰምዖ ልብና ነዳሉ።

## 3. ራእይ ዮሃንስ ብመን እዩ ተጻሒፉ? (1፡1)

ዮሃንስ መን ምዃኑ ኣሕጽር ኣቢልና ድሮ ዘተምባህናዮ ኣብቲ 2ይ ትምህርቲ፡ ኣብ ክፍሊ ቊ 1.4 ተጠቒሱ ዘሎ ንመልከት። ብተወሳኺ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ባርያ የሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ኣብ 1፡1 ይሕብር። ዮሃንስ ሃዋርያ እዩ ነይሩ። እዚ፡ ዝነበሮ ልዑል ስልጣን ይሕብር። እንተኾነ እውን ኣገልጋሊ ናይ የሱስ ክርስቶስ፡ ናይ ፍታው ባርያኡ እዩ። እቶም ሃዋርያት ነዚ ኣገልግሎት እዚ ባህ ኢሉዎም እዮም ዝፍጽምዎ ነይሮም። ክብረቶም ድማ እዩ ነይሩ። ንኣብነት ጳውሎስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ኣብ ሮሜ 1፡1 “ጳውሎስ ባርያ የሱስ ክርስቶስ፡ ሃዋርያ ኪኸውን እተጸውዔ” ይብል። ስለዚ፡ ኵላትና ኣመንቲ፡ ብፍላይ ድማ ኣገልገልቲ ወንጌል፡ ባርያ የሱስ ክርስቶስ እየ ምባል ክብረትና ጌርና ንውሰዶ።

ባርያ የሱስ ክርስቶስን ምስክሩን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብስም ድማ ዮሃንስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብዛዕባ እዚ መለዮ እዚ ናይ ዮሃንስ እተዛተናሉ ኣብ ክፍሊ 1.3 ንመልከት።

መለዮኡ፡ በቲ ስሙን በቲ ኣገልግሎቱን በቲ ምስ ክርስቶስ ዝነበሮ ርክቡን ጥራይ ኣይኰነን። ኣካል ናይ ማሕበር ኣሓዋት ምንባሩ ድማ ዝሕጕሰሉን ዝኹርዓሉን መስዋእቲ ዝኸፍለሉን መለዮኡ ምንባሩ ከምዚ ገይሩ ይገልጾ፡ “ኣነ ዮሃንስ ሓውኩምን ኣብቲ ኣብ የሱስ ዘሎ ጸበባን መንግስትን ትዕግስትን መማኽልትኩምን” (1፡9-ሀ)

በዚ እዋን እዚ ኩሎም እቶም ሃዋርያት ድሮ ካብዛ ምድሪ ተሰናቢቶም፡ ዮሃንስ ጥራይ እዩ ብህይወቱ ተሪፉ ነይሩ። ብዕድመ ንኻልኦት ዝመርሖም፡ ሃዋርያ ብምዃኑ ድማ ብስልጣን ልዕሊ ኩሎም ምእመናን እዩ ነይሩ። እንተኾነ እውን ልዕሊ እዚ ኩሉ “ኣነ ዮሃንስ ሓውኹም” እየ ይብሎም። ኣሕዋት ብክርስቶስ፡ ኣሕዋት ብጸበባ ምእንቲ ክርስቶስ፡ ኣሕዋት ብናይ ሓባር ተስፋ ምምላሱን ምትካል መንግስቱን ምዃኖም ይእመኖን የዘኻኽሮምን።

ክሳወር ዝግብኦ፡ ዝዘንጋዕናዮ ሪቕ ሕውነት ኣሎና።

## 4. በረኸት ራእይ ዮሃንስ ንዘቕልበሉ (1፡3)

ራእይ ዮሃንስ ብጽእና ዘሕፍሰካ መጽሓፍ እዩ። ብጽእና ድማ በረኸት ኣምላኽ እዩ። በረኸቱ ከመይ ጌርና ከም እንረኽቦ ድማ ከምዚ ኢሉ ይሕብረልና፡- “ነዚ ቓል ትንቢት ዜንብብን፡ እቶም ዚሰምዕዎን፡ ነቲ ኣብኡ ተጽሒፉ ዘሎውን ዚሕልውዎ ብጹኣን እዮም።” (1፡3ለ)

በቲ ራእይ ዮሃንስ እተጻሕፈሉ ዘበን ቤት ማሕተም ኣይነበረን። ስለዚ እቲ ጽሑፍ ኣብቲ ኣመንቲ ዝእከብሉ እዩ ዚትሓዝ ነይሩ። ሽዑ እቲ ዘንብብ በብእዋኑ እቲ እተመደበ ክፍሊ ነቲ ህዝቢ የንብበሉን የብርሆን። እቲ ዜንብብን እቶም ዚሰምዕዎን ተባሂሎም ዘለዉ እምበኣር እዚኣቶም እዮም።

ግለ-ሰብ ድማ ኣብቲ ኣመንቲ ዝእከብሉ ቦታ፡ እቲ ጽሑፉ ተዓቚሩሉ ዝነበረ ቦታ ከይዱ የንብብን ቅዳሕ የትርፍን ነይሩ። በቲ ዘበን እቲ ኣብዚ ዘበንና ተሪፉ ዝርከብ፡ ምጽናዕ (ምሽምዳድ) ብቓል ኣዝዩ ዝውቱር እዩ ነይሩ። በብኸነንብቦ እንኽእል ቋንቋታት መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ኣሎ። ግናኸ መጽሓፍ ቅዱስ ንምፍላጥ ብዕሊ እንውፍዮ ጊዜን ኣተኵሮ ኣናብባን ቀጕንጣሮ ምዃኑ ክንስሓሉን ክእረምን

ዘለዎ ምኂኑ ተረዲእና ክነተግብሮ ልቢ ንግበር።

ምንባብን ምስማዕን እቲ ጽሑፍ ናይ ራእይ ዮሃንስ ኣኻሊ ኣይኰነን፡ ይብል ዮሃንስ። ዝባረኹ ነቲ ዝተነበን ዝተሰምዐን ዚሕልውዎ እዮም ይብል። ነቲ ቃል ኣብ ምስትውዓሎምን፡ ኣብ ልቦም ዝዓቍርዎን፡ ብተወሳኺ ድማ ናይ ህይወቶም መምርሒ ዝገብርዎ ብርግጽ ብጹኣን እዮም። ኣናብባናን ኣሰማምዓናን ምትግባርናን፡ ሰለስቲኡ፡ እተቛረነ በረኸት ይኹነልና። ከም ኣብ ከውሒ እተዘርአ ከይነምክኖ ንጠንቀቕ።

## 5. <u>በንዮሃንስ ዘርኣዮ መልኣኽ (1፡1ሐ)</u>

እዚ ራእይ ዮሃንስ ብ 90-95 ኣቢሉ እተጻሕፈስ ከመይ ኢሉ እዩ ተበርኪቱልና? እቲ መንቀሊ ናይ ራእይ ዮሃንስ እግዚኣብሄር ኣቦ እዩ። እግዚኣብሄር ኣቦ ድማ ነቲ ዕማማት ናይ ራእይ ዮሃንስ ኣብ ፍጻሜታት ክውዕል ንየሱስ ክርስቶስ ይህቦ (የማሕጽኖ)። የሱስ ክርስቶስ ድማ ነዚ ዕማማት ናይ ራእይ ዮሃንስ ከም ህይወት ዘልዎ ተስቀሳቓሲ ስእሊ (ፊልም) ገይሩ ንዮሃንስ ከርእዮ፡ ነቲ ተጠቒሱ ዘሎ መልኣኽ ይህቦ። ዮሃንስ ድማ ካብዚ መልኣኽ እዚ ተቐቢሉ ናባና ኣብጽሒዎ ኣሎ። እዚ መልኣኽ እዚ ኣብ ራእይ ዮሃንስ ኣብ 1፡1 22፡6ን 8ን 16ን ተጠቒሱ ንረኽቦ። እቲ ብዛዕባኡ ተባሂሉ ዘሎ ቍንጣሮ እዩ። ስለዚ ብዛዕባ እቲ መልኣኽ ዘየድሊ መጢጥና ሃተፍተፍ ከይንብል ንጠንቀቕ።

ብዛዕባ እቲ ራእይ፡ "ብኢድ መልኣኹ ልኢኹውን ንባርያኡ ዮሃንስ ኣርእዮ" ይብል 1፡1 22፡6ን 8ን 16ን ናይ መን መልኣኽ እዩ? ናይ የሱስ ክርስቶስ መልኣኽ እዩ። ካብ እግዚኣብሄር ኣቦ ናብ የሱስ ክርስቶስ፡ ካብ የሱስ ክርስቶስ ናብቲ መልኣኽ፡ ካብቲ መልኣኽ ናብ ዮሃንስ፡ ካብ ዮሃንስ ድማ ናብ ቤተ-ክርስትያንን ናብ ኣመንትን እተዋህበ ራእይ ተዋሂቡና ኣሎ። ኣኽቢሩ ዝሃበና ኣኽቢርና ንቀበሎን ንሓዞን።

ይቕጽል ኣብ ራብዓይ ትምህርቲ ክፍሊ (ለ)

ቀጻሊ ትምህርቲ

### ተውሳኺ ሓበሬታ

---

[i] ፊሊጲ 2፡5-11 ድማ ተመልከቱ።